# ጽገናዊ ለውጢ ንዘይሰምዓካ ድብሪ ኣይተማህለል

ክብሮም እያሱ ዓዲ እንግሊዝ

ወዲ ሰብ ኣብ ዓለምና ካብ ዝተፈጠረላ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውልቃውን ሓባራዊ ረብሕኡን ንምሕላው ንምዕቃብን ንምጉባጥን ዝተፈላለየ ኣገባብ እናተጠቕመ ክጉዓዝ ጸኒሑን ይጉዓዝን ኣሎ:: እዞም ኣገባባት ድማ ገለ ብጎንጺ ድልየትካ ኣብ ርእሲ ካልኦት ምርግጋጽን ምጽዓንን ክኸውን ከሎ እቲ ካልእ ድማ ብውሕሉል ኣገባብ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ሓሳባትካ ከምዝዕብልል ወይ ኣብ ካልኦት ተቐባልነት ከምዝረክብ ፍታሕ ንምንዳይ ክግልገለሉ ጸኒሑ:: ጎነጻዊ ኣገባብ ምጥቃም ዘድልየሉ ሓደ ምኽንያት እቲ ኣማራጽታት ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ዘይህልወሉ ወይ ኣብ ዝዕጸወሉን እቲ ሓደ ወገን ንምዝርራብን ብሰላማዊ ኣገባብ ንኽዘራረብ ፍጹም ቁሩብ ኣብ ዘይኮነሉ ወይውን ናቱ ድልየት ኣብ ርእሲ ካልኦት ክጽዕን ምስ ዝፍትንን ወይውን እቲ ሓደ ሸነኽ ኣብ ድኹም ኩነታት እንድሕር ኣሎ ላዕለዋይ ኢድ ሒዙ ንክቖርብ ወይውን ባርባራዊ መግዛእቲ ኣብ ርእሲ ንጹሃት ዜጋታት ምስ ዝፍጽም ካብ ህዝቢ ብዝብገስ ጎነጻዊ ግብረ መልሲ ድማ ጎነጻዊ ኣገባብ ይብገስ:: ዘይጎነጻዊ  ኣገባብ ምስ ጎነጻዊ ኣገባብ ዝፈላልዮም ብዙሕ ነገራት ኣለው::

ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ምጥቃም ብዙሕ ብልጫታት ኣለዎ:: እንተኾነ ግን ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ንኽትጥቀም ብዙሕ ነገራት ክተማልእ ወይውን ክህልወካ ይግባእ:: እዚ ድማ ህዝቢ እኹል ዝኾነ ሓበሬታ ዝረኽበሉ ምቹእ ኩነታት ክህልው ይግባእ:: ንኣብነት ኣብ 2001 ዝተዓጽዋ ኤርትራዊ ብሕታዊ ጋዜጣታት ልሳን ህዝቢ ኮይነን ህዝቢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ የካይደለን ድርጋ ጀሚሩ ናይ ህዝቢ ድልየት ብንጹር ንዓለም ብሩህ ጊሩ::  ካልእ ኣብነት ጉጁለ 15 ድልየቶም ኣንታይ ንምምጻእ ምንባሩ ንህዝቢ ኤርትራ ዘስምዑላ መድረኽ ኒራ :: እዘን ጋዜጣታት ማሕበራዊ ፍትሒ ከምዘየለ ኣቃሊዓን እየን:: እዚ ካብ ብዙሕ ኣብነታት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ሓደ ኣጋጣሚ እዩ:: ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ብኽትጥቀም ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ እንታይነት ከቃልዕ ዝኽእል እኹል ናይ ሓበሬታ መርበብ ካብ ውሽጥን ደገን ብቑዕን ዘታእማምን መርበብን ሓይልን ክህልው ይግባእ:: ብተወሳኺ ድማ ደረጃ ኣፍልጦ ዜጋታት ክብ ክብል ወይውን ክብ ንምባልን ክስርሓሉ ይግባእ:: ነዚ ድማ ክውድብን ከንቀሳቕስን ዝኽእል ዓቕሚ ዘለዎም ዜጋታትን ኣድላይ ጸጋታት ክህልዉ ይግባእ:: ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ግን ኩሉ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ግዱድ ውትህድርና ተታሒዙ ኣብ ሙሉ ምቁጽጻር ናይቲ ስርዓት ይርከብ:: ነባሪ ህዝቢ ድማ ብካድረታት ህግደፍ ጹኑዕ ሓለዋ ይግበረሉ ኣሎ::

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 60ታት ብረት ንኽልዕል ካብ ዝገበርዎ ረቓሒታት ሓደ ናይቲ ግዜ ገዛእትታት ናታቶም ረብሓታት ብምቕዳም ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰምዕ ብምስኣኑን ንሓቂ ንምጉዕጻጽ ኣብ ዝተገብረ ዝተፈጥረ እዩ:: ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ኤርትራዉያን ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብቲ ግዜ ብዝነበራ ጋዜጣታት ሓሳቦም ገሊጾም ክንዮው እዚ ድማ ስጋብ ሕቡራት ሃገራት ብምኻድ ኣቢት ኢሎም:: ብዙሓት ሕቡኣት ምንቅስቓሳትውን ተፈጢረን ብሰላማዊ መንገዲ ድማ ወረቓቕቲ ብምብታንን ሰላማዊ ሰልፍታት ብምግባርን ፈቲነን:: ኣብ መወዳእታ ግን <u>ንዘይሰምዓካ ድብሪ ኣይተማህለል</u> ዝብል ዓላማ ሓንጊጠን ንናጽነት ዝወስድ መንገዲ ሒዘን ናብ በረኻታትን ከተማታት ኤርትራ

ከስፋሕፍሓን ቃልሲ ኣብ ኩሉ ከባርዕ ድማ ክኢሉ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ናይ ብዙሓት ብሉጻት ኤርትራውያን መስዋእቲ ሓቲቱ ነጻነት ድማ ተረጋጊጹ:: ነጻነት ኤርትራ ብደም ኤርትራዊያን ዝተረጋገጸ እዩ::

ኣዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ካብቲ ኣብ መግዛእቲ ዝነበርናሉ ኣዚዩ ዝኸፍኣ ድኣ እምበር ዝሓሸ ዘይምኻኑ ኩሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ:: ህዝቢ ናይ ናጽነት ተጠቃማይ ክኸውን ኣይከኣለን:: ነጻ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምዝራብን ዕድል ስኢኑ ይማስን ኣሎ:: ነቲ ዓለም ብነጻ ትህቦ ብድርቂ ንዝተጠቐዐ ወገናት ረድኢት ኣየድልየናን እዩ ተባሂሉ ህዝቢ ፖለቲካዊ ሃገሩ ከየስተማቕር ብጥሚት ክሕለብን ብዛዕባ ድራር ዕለቱ ጥራሕ ንኽሓስብ ረድኤት ተኸልኪሉ ይነብር ኣሎ:: መንእሰይ ወለዶ ብትምህርትን ሳይንስን ከይምዕብል ካብ ሓደ ማእቶት ናብቲ ሓደ እናጎዓዝካ ሞራሉ ከምዝጽንቀቕ ብምግባር ተካኢ ወለዶ ናይ ምጥፋእ ዝራሕ ብሰፊሕ ይካየድ ኣሎ:: ኤርትራ ምስ ቁጽሪ ህዝባ ክርኣይ ከሎ ገዚፍ ቁጽሪ ዘለዎ ዜጋ ብሕማም ኤድስ ተላቢዑ ኣሎ:: ናይዚ ካብቲ ቀንዲ ጠንቅታት ሓደ መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ጽላል ወለዶም ኮይኖም ኣድላይ ናይ ምኽርን ክትትልን ሓገዛት ከይገበረሎም ኣብ ፈቐዶ መዓስከራት ተደርብዮም ኣብ ተስፋ ምቑራጽን መጻኢ ህይወቶም ድማ ጸልማት ኮይኑ ከምዝራእዮም ሰለዝተገብረ ኣብ ሕማማትን ሰደትን ፈቖድኡ ተደርብዩም ኣለው:: ወላዲ ብዘይውላድ ዝተረፈሉ:: እቲ ስርዓት ድማ ብሕግታት ጫካ ኣናተመርሓ ብጀካ ኩናት ምጽሓር ካልእ ፍልጠት ዘየብሉ መጻኢ ራእይ ዘየብሉ ስርዓት እዩ::

ኣነ ከም ኤርትራዊ ኔልሰን ማንዲላ ዝሰምዮ ተጋዳላይ ቢተውደድ ብዘይ ፍትሒ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንልዕሊ 15 ፍትሒ የናድይ ኣሎ:: ኔልሰን ማንዴላ ኣብ ግዜ ዓሌታዊ መግዛእቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ብዘይ ፍትሒ ን 27 ዓመት ኣብ ሮቤን ኣይላንድ ብዘይ ፍትሒ ምሕያሩ እዩ ፍሉይ ዝገበሮን ኣብ ዓለም ዝለዓለ ሽም ዘትረፈን:: ነዚ ድማ ኣብ ኩሉ ዓለም ክሰማዕ ከፍለጥን ዝገበሩ ድማ ደቡብ ኣፍሪቃውያን እዮም:: ንሕና ድምጺ ቢተውደድ ንኽስማዕ እንታይ ጊርና? ምስ እዚ ሲዒቡ ዝመጸ ጉዳይ ጉጁለ 15 ኣንታይ ጊርና? ጋዜጠኛታትን ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዝተሓየሩን ሃለዋቶም ዘይተፈለጠን ዜጋታት ብዛዕብኦም ከ እንታይ ጊርና? ነፍስ ወከፍ ዜጋ ሕልንኡ ይመርምር::

እዚ ኩሉ ግፍዒ ኣብ ዝባን ህዝቢ ኤርትራ እናተፈጸመ እናርኣና ከለና ገለ ተበለጽትን ናይቲ ስርዕት ልኡኻትን ክምኡ ድማ ነቲ ህዝባዊ ምልዕዓላት ከህድኡ ይኽእሉ እዩም ዝተብሃሉ ኣብ ድገ ተላኢኹም ነቲ ቃልሲ ጥርኑፉን ዝተወሃሃደ ንምግባር ዝካየድ ዘሎ መድረኽን ግዜን ዝሓቶ ዘሎ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንምድኻም ዝተፈላለየ ኣገባብ ክንጥቀም ኣለና እናበሉ ነቲ ሓይሊ ኣብ ምድኻም ዝተዋፈሩ ሓይልታት ኣለው:: እዚኦም ድማ ገሊኦም ካብቶም ቀንዲ ገፈፍቲ መንእሰያት ዝነበሩ እዩም ገለ ድማ ብስም ምድስካል ንፉሉይ ስራሕ ክምዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና እቲ ስርዓት ጠጁእዎም ዝጸንሑ እዮም:: ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ደምበ ተቓውሞ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት መዝሚዙ ናይ ጎረባብቱ ሓገዝ ረኺቡ እቲ ዝደልዮን ተሓሪምዎ ዘሎ ምኽባር መሰል ዜጋትትን ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ንኽይቀላጠፍ ዘዳኽምዎ ወገናት ብንጹር ክመራመርን ክፈልጦም ይግባእ:: እዞም ወገናት እዚኦም ልክዕ ከም ህግደፍ ካብ ዓለም ተነጺሎም ዝኸነ ሓገዝን ኣድህቦን ዘይረኽቡ ባእታት እዮም:: እነተኸነ ግን ነተን ንነዊሕ ግዜ ኣብ ቃልሲ ተጸሚደን ዝዓቐመን ከበርክታ ዝጸንሓ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ምስ እዞም ጽገና እዩ ዘድልየና ዝብሉ ኣብ ሕኸኸኒ ክሓከካ ኣትየን ኣብ ሓጺር ግዜ

ክለምሳ ምኽንን ዘየጠራጥር እዩ:: እንተኾነ ግን ነቲ ቀንዲ ውራይ ብመጠኑ ድማ ኣብ ምድኻሙ ተራ ኣለወን:: ህግደፍ ዝኸተሎ መስመር ኩሉ ንዕንወት ዝመርሕ እዩ እንድሕር ንብል ኮይናን ዝሓለፈ 15 ዓመት መንገዲ ጥፍኣትን ህልቂትን ኒሩ እንተ ንብል ኮይና እቲ ዝጽገን ኣየናይ እዩ:: ብመሰረቱ ሕግን ፖሊሲን ዘየበሎ ሓይሊ ሽፍታ እዩ ነዚ ድማ ብዝመረጽካዮ ኣገባብ ሕጋዊ መንግሰቲ ኢኻ ትትክእ እምበር ንዘየለ ነገር ክንጽግን ኢና ንደሊ ክንብል እንተኾይና ንነብሰና ኢና መጀመርያ ክንጽገንን ህዝባዊ ኣተሓሳስባ ክንለብስን ዘለና:: እዚ ኣተሓሳስባና ድማ እዩ ነቲ ከምውሕጅ እናውሓዘ ዝወጽእ ዘሎ መንእሰይ ኣብ ከምዚ ዓይነት ምድረኽ ምእታው ካብ ህግደፍ ወጺኻስ ተመሊሰካ ናብ ተመሳሳሊ ራእይ ናይ ህግደፍ ዘለወን ምእታው ተሓጺብካ ጭቃ እዩ ኢሉ ካብ ውራይ ሃገሩ ርሒቑ ሃገሩ እናተዘምተት ብሩሑቕ ምርኣይ መሬጹ ዘሎ:: እንተኾነ ግን እዚ መንእሰይ ናቱ ዝኸነ መድረኽ ፈጢሩ ዝቃለሰሉ ባብ ክኸፍት ይግባእ:: ብሓደ ሸነኽ ተረካቢ ሃገር ብምኻኑ ብኻልእ ሸነኽ ድማ እቲ ናይ ለውጢ ሞተር ንሱ ክኸውን ስለ ዝግባእ::

ሕግን ሰላምን ዘይነበሮ ሃገር ዝጽገን ነገርውን የብሉን እንተ ኣድለየውን ምናልባት ናትና ኣታሕሳስባ እዩ ተጸጊኑ ናብ ቁኑዕ መስመር ክመጽእ ዝግብኦ እምበር ህግደፍስ ዝጽገን የብሉን::

ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ